# ንረብሓ መን!!!!!

ህዝቢ ኤርትራ ደሙ ኣፍሲሱ ዘምጽኦን ዘረጋገጾን መሰል ኽዕቀብ፣ ናይ ኹሉ ዘጋ ሓላፍነትን ግደታን እዩ። እዚ መሰል እዚ ኣብ ናይ ፖለቲካዊ ዕዳጋ ኾነ፣ ኣብቲ ንቡር ዝኾነ ናይ ውሽጣዊ ፍልልይ ዘይኣቱ መንፈሳዊ ሓይሊ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፣ ሃገር ልዕሊ ኹሉ ስለዝኾነት እዩ። ብዝይ ሃገር የሎን ክብረት። ብዘይ ሃገር የሎን መንነት። ብዘይ ሃገር የሎን ህላውነት። ኹሉ ትሕዝቶን፣ ቑመናን፣ ከይድን፣ ኣብ ውሽጢ ሃገር እተሃንጸ እዩ።
ይትረፍ ወዲ ሃገር፣ ኣህዛብን መንግስትን ናይቲ ዘሎ ኸባቢ እውን፣ ብምኽንያት ግዚያዊ ረብሓ ተባሂሉ፣ ንመሰልን፣ ሰላምን፣ ራህዋን ህዝቢ እርትራ ኣሕሊፈን ኽህባ ኣይግባእን። እዚ ምስ ዝኸውን፣ ናይቲ ኸባቢ ሰላም ምዝራግ ስለዝኸውን፣ ሳዕበኑን ውጺኢቱን ኸቢድ ይኸውን።
እቲ ብዝተራቐቀ መንገዲ ንኤርትራ ናይ ምዕምጻጽን ምድሃልን ዝህንደስ ዝነበረን ዘሎን፣ እንሆ ሕጂ ብግሁድ እንዳኾነ ይኸይድ ኣሎ። ንኤርትራ ንድሕሪት ገጻ ምምላስን፣ ንኤርትራ ጽቡቕ ኣርኣያን ኣብነትን ኣብ እቲ ኸባብን ዓለምን ኸይትኸውን ብዝተፈላለየ መንገዲ ይጽዓር ኣሎ። እቲ ሕጂ ኣማራጺ ኾይኑ ተረኺቡ ዘሎ ኸኣ ኸርዲንካ ምሓዝ ጥራይ እዩ። ንዕኡ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ድማ፣ ዝተጠጀኣን ዘይተጠጀኣን ነገር ኣልዒልካ ምህውታት ኾይኑ ይርከብ።
እንተድኣ ተመልኪትና ኣብ ግዜ ናይ ዝሑል ኩናት እቲ ዝሓየለን ዝበርተዐን ውንጀላ፣ ኮሙኒስት ( ናይ ጸጋም ፍልስፍና) ተባሂልካ ምውንጃል እዩ ነይሩ። ኮሙኒስት ከም መትከል፣ ከም ዕላማ፣ ከም ሃገራዊ መርሓ፣ ከም ናትካ ናይ ፖለቲካ መንገዲ ምቕያስን ምምራሕን ኸም ወንጀል ይቑጸር ነይሩ።
ሕጂ ድማ ብናቱ ኣንጻርን ኻብኡ ዝሓየለን፣ ግብረ-ሽበራዊ ተባሂልካ ምውንጃል ኾይኑ ይርከብ ኣሎ። ኮሙኒዝም ኣብ ዓለም ምድስካሉን፣ ንዕኡ ትመርሕ ዝነበረት ሃገር ሃለዋታ ምጥፋእን፣ ነቲ ዝድለ ዝነበረ ናይ ዓለም ሰላም ኮን ደኾን የምጽእ ተባሂሉ ይዝረበሉን ይግመተሉን ነይሩ። እቲ ጸገም ግን፣ ናይ ፍልስፍና ጉዳይ ዘይኾነስ፣ እንታይደኣ ናይ ዕብለላ ጉዳይ ስለዝነበረ፣ እቲ ዝድለ ሰላም ኽመጽእ ኣይኸኣለን። ዓለም ድማ ኮሙኒዝም ብምጥፋኡ ኽትሃድእ ኣይኸኣለትን። ብኣንጻሩ ኣብ ዝኸፍአ ቅልውላውን ሻቕሎትን፣ ኣእዊኽእ ረዳኢ ኣብ ዘይትረኽበሉ ደረጃን ኩነታትን ተቀልቀለት።
ሕጂ ነቲ ናይ ዓለም ዕብለላን፣ ቅሳነት ምኽላእን፣ ብዘይምእኽሉን፣ ብዘይውዱቡን፣ ብዘይውጥኑን ብፍኑው ኣገባብ ናይ ግብረሽበራዊ ዝበሃል ጎንጺ ክካየድ ጀመረ። ኸምዚ ዓይነት ኣገባብ ቃልሲ ድማ ውጽኢቱ ኣሉታዊ ጥራይ ዘይኾነስ፣ ሓደገኛን፣ ክኹነን ዘለዎን እዩ።ኣብ ዓለም ብግብረ ሽበራ ዝመጽእ ኣዎንታዊ ለውጢ የሎን። ንህዝብን ዓለምን ዘርብሕ እውን ኣይኾነን። ብሓጺሩ ኽውገዝ ዘሎ ተርእዮ እዩ። ይኹን እምበር፣ እቲ ንዕኡ ንምጥፋእን ንምውጋድን ዝካየድ ዘሎ ኣገባብ ቃልሲውን ቅንዕነቱ ዝሓዘ ኣይኾነን። ንዝኾነ ምንቅስቃስ ኸም ግብረ ሽበራ ገርካ ምውሳድ፣ ወይ እውን ኣብቲ ናትካ መስመር ዘይኣቱ ተኸታሊ ናይ ግብረሽበራ ገርካ ምውሳድን፣ ንዕዳጋኻን ገንዘብካን መኻዕበቲ ምግባሩን፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ ተግባር ግብረሽበራ ንኣሜሪካ ዝምልከትን፣ ንሳ ጥራይ ናቱ ግዳይ ገርካ ምቅራብን፣ እዝን ካልእን ነቲ ትርጉም ናይ ግብረሽበራ የህስሶን፣ ትርጉሙ የዘንብዮን ኣሎ። እዚ ዝኸውን ዘሎ ድማ በቶም ንግብረሽበራ ንቃለስን ንመርሖን ኣለና ዝብሉ ዘለዉ እዩ።
ግብረሽበራ ኸም ስነሓሳብ ተወሲዱ ኣብ ህዝቢ ዓለም ኽሰርጽ ዝኽእል ተርእዮ

ኣይኾነን። ፖለቲካዊ ወይ ቁጠባዊ ሰረት እውን የብሉን። ኾይኑ ግን ከም ሓደ ምዕቡሉን ዘይጥርኑፉን ኣገባብ ቃልሲ ናይ ሃገራትን ውልቀሰባትን ኾይኑ ይኸይድ ኣሎ። ሃስያኡ ኣብ ህዝቢ ዓለም ድማ ኸቢድን ኣሰካፍን እንዳኾነ ይኸይድ ኣሎ። ኣረኣእያ ህዝብን መንግስትን ኣርትራን ኣብ ግብረሽበራ ኸመይ ይመስል እንተድኣ ኢልና፣ ንጹርን ዘየካትዕን እዩ። ንግብረሽበራ ብኹሉ መደያቱ ይቃወሞን ይቃለሶን። ኣብ ቅርዓት ወጽዩ ድማ፣ ብዛዕባ ኣሉታዊ ሳዕበናቱ ንህዝብን ዓለም የተንብህ። ኣረኣእያ መንግስቲ ኣርትራ፣ ኣብ ናይ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ብራና ስኑድ እዩ። ነዚ ኤርትራ ዘለዋ ኣረኣእያ ኣብ ግብረሽበራ ሰጊርካ ምኻድ ንርእሰኻ ምትዕሽሻውን ምድዕዓስን ጥራይ እዩ።

እዚ እንተድኣ ኾይኑ እቲ ሓቂ፣ ንምንታይ እዩ ንኤርትራ ኣብ ናይ ደንበ ግብረሽበራ ኽትጽጋዕ ዝደፋፍኡ ዘለዉ። እቲ ቀንድን መሰራትውን ምኽንያት፣ ድልየትን ረብሓን ናይዞም ነዚ ነገር እዚ ዝደፍኡ ዘለዉ ስለዘይተሓለዉ እዩ። ምስ እዚ ተታሓሒዙ ዝኸይድ ድማ፣ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ድኽመት ኣብ ዲፕሎማሲን፣ ኣተሓሕዛን ናይ ዝቅልቀሉ ፍጻሜታትን እዩ ኢልካ ኽሕጸር ይከኣል። ንኣብነት መንግስቲ ኣመሪካ እንተድኣ ወሲድና፣ ንኹሉ ነገራት ብናቱ መለክዕን ረብሓን እዩ ንኹነታት ዝግምግሞ። ኣብ ናይ ሓባር ረብሓ ዝብል መትከላት ኣይኣምንን። ንረብሓታቱ ድማ ብውልቀሰባት ገይሩ ኸተግብር ይደሊ። እቶም ውልቀሰባት እንተድኣ ነቲ ዝበሃል ዘሎ ረብሓታት ኸማልኡ ዘይኽኢሎም፣ ወይ ሰፍ ዘይብል መቅጻዕቲ ይወርዶም፣ ወይ ድማ ይእለዩ። ስለዚ ናይ ሓባር ረብሓ ምቅዳም፣ ወይ ኣብ ሽርክነት ዝተመርኮሰ ዝምድና ምክያድ፣ ኣብቲ ናይ ኣሜሪካ ፖሊሲ ኾነ ናይ ዝምድና ተበግሶታት የለን። እቲ ቀዳምነት ዝወሃቦ፣ ረብሓኦም ኣብ ግብሪ ምውዓል እዩ። እዚ እንተድኣ ኾይኑ እቲ ናይ ኣመሪካ ኣሰራርሓ፣ እቲ ብወገን መንግስቲ ኣርትራ ዝመጽእ ናይ ጽቡቅ ተበግሶ ግብራውነት ኣይህልዎን። ንዕኡ ኣብ ግብሪ ኸውዕል እየ ኢልካ ምሕሳብ ወይ ምቅላስ ድማ ነቲ ዝምድና ናብ ወጥሪ የእትዎ። ኣብዚ ሕጂ ኽረአ ዘለዎ መን ሓቅነት ሓዘ ዘይኮነስ፣ መን ናይ ዲፕሎማሲ ብልጫ ኣመዝገበ እዩ። እዚ ዝውስን፣ እቲ ናይ መዓልታዊ ምንቅስቃሳትካን እተካይዶ ምውሳእን ኣዩ። ኣብዚ ኸምዚ ዓይነት ኹነታት፣ ማለት ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ መዋጥር ምስ እትሽመም፣ እቲ ንግዜኡ ዘዋጽእ፣ ነቲ ተሃንዲዱ ዝመጻካ ዘሎ ምዝሓል እዩ። እዚ ማለት ፈታዊኻ ክኸውን ኻብ ዘይከኣለ፣ ጸላኢካ ኸይከውን ምጽዓርዩ (NEUTRALIZE)። ኣብ ክንዲ ንሱ ዝብሎ ምጽራር፣ ነቲ ንሱ ዝገብሮ ዘይምድጋፍ። ንኣብነት ኣብዚ ናይ ሶማል ኹነታት እንተድኣ ወሲድና፣ ብዙሓት ሃገራት ናይ ሰላም ወተሃደራት ኣይለኣኻን፣ ግን ከኣ ነቲ  ዝሕተት ዘሎ ንናይ ሰላም ወተሃደራት ኣብ ሶማል ዝጻረር መግለጺ ኣየውጽኣን። ስለዚ ነቲ ውሳኔ ብግብሪ ኣይደገፉን፣ ግን ከኣ ኣብ ምትፍናን ምስ ኣሜሪካ ኾነ  ኻልኦት ሃገራት ኣይኣተዋን። ሶማላውያን ኣሕዋትናን ፈተውትናን እዮም። ኸመይ ገርካ ትድግፎም፣ ኣብ ናይ ዲፖሎማሲ ዘለካ ኣረኣእያ እዩ እቲ ቀንዲ  ወሳኒ። ሕቶ ናይ ሶማል፣ ሕቶ ናይ ናጽነት ወይ ኣንጻር ባዕዳውያን ዝግበር ቃልሲውን ኣይኾነን። ሕቶ ናይ ሰላምን ዲሞክራሲን፣ ሕቶ ናይ ናይ ዳግመ ሃገር ህንጻን፣ ሕቶ ናይ ሶማላውያን ህላውነት ምርግጋጽ እዩ። እዚ እንተድኣ ኾይኑ እቲ ሕቶ፣ ነዚ ዝድለ ዘሎ ነገራት ኣብ ግብሪ ምውዓል ድማ፣ ብብዙሕ ዝተፈላለየ መንገድታት ኽውን ንምግባር ይከኣል እዩ። እዚ  ድማ ነዞም ናብ ደንደስ ደፊኦም፣ ባዕሉ ጸዲፉ ኽብሉ ዝደልዩ ዘለዉ ሰብ ገበርቲ እከይ  ዕድል ኸይሃብካ ኽግበር ይግባእ። ብርግጽ ይከኣል ድማ እዩ።

መንግስቲ ኣሜሪካ፡ ኸምቲ ኣቀዲሙ እተሓበረ፡ ንኹሉ ነገራት ካብ ረብሓኡ ነቒሉ እዩ ዝርእዮ። ኣብ ዓለም ሰላምን ዲሞክራሲን ይስፋን ኣይስፋን፡ ንዕ ኡ ድንብርጽ
ዝብሎ ነገር ኣይኮነን። ነዚ መዓልታዊ ዝዝምሮ ዘሎ ኣንጻር ኤርትራ፡ ማለት፡ ዲሞክራሲ የለን፡ ጽቡቅ ምሕደራ የለን፡ ፍትሒ የለን፡ ማእሰርቲ በዚሑ...ወዘተ ንህዝቢ ኣርትራ ሓልይሉ፡ ወይ ኣብ ኤርትራ ለውጢ ኽርኢ ደልዩ ኣይኮነን። እንታይደኣ እቲ ንሱ ዝብሎን ዝደልዮን ነገራት፡ መንግስቲ ኤርትራ ብግቡእ ስለ ዘየማልኣሉ እዩ። ኣብ ኤርትራ ጸገማት የለን፡ ወይ ንኤርትራውያን ኸማያይጥ ዝኽእል ነገራት የለን ማለት ኣይኮነን። ሓደ ኻብቲ ጸገምና እውን ንሱ እዩ። እዚ ግን ንኣመሪካ ኣይእንተናኦምን።
ንሰም ዝደልዮ፡ ኸምቲ ወያነ ብዘይ ነግ ፈረግ ተኣዚዞም ኣብ ሶማሊያ ናይ ግፍዒ ወረራ ዝፍጽምዎ ዘለዉ፡ ኤርትራ ኸኣ ማዕረ ወያነ ዘይኮነስ፡ ዋላ ኽንዲ ፍርቂ ወያነ ኸተስሳሲ እዩ። እምበር ሚዛን ኣብ ምሕደራ ኽትወስድ እንተድኣ ኾንካ፡ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ጉድለታት ብዘየገድስ፡ ምስ ኣብ ኣፍሪቓን ( ብሓጺሩ ንኢትዮጲያ እንተድኣ ተወኪስና ) ኻልኦት ሃገራትን ኣወዳዲርካ፡ ኣብ ኤርትራ ዝሓሸ እምበር ዝኸፍአ ምሕደራ ኣይኮነን።
ኣመሪካ ይትረፍ ምስ ኤርትራ፡ ምስ እዘን ኹለን ድሑራት ሃገራት ኣዕራብ፡ ምስ በዓል (ናይ ዘይር) ሞቡቱ፡ በሽር (ኣብ ዳርፉር ህዝቢ የህልቕ ኣሎ ኢሉ ዝኸሰስ) ናይ ሱዳን፡ መለስ ዘናዊ ( ኣብ ኦጋደን ህዝቢ የህልቕ ኣሎ ኢሉ ዝኸሰስ) ናይ ኢትዮጲያ፡ ሙሰቪኒ ( ንተቓወምቲ ብሓይሊ ብረት ኸጥፍእ መሰል
ሃቡኑ ዝብሎ ዘሎ) ናይ ኡጋንዳን፡ ኻልኦትን፡ ምስ ኣመሪካ ብሓባር ብዘይስክፍታ ይሰርሑ ኣለዉ። ምስ እዚኣቶም፡ ንህቦምን፡ ነቲ ኸባብን ዝዕምጹን ዝዘርፉን ዘለዉ ኽስራሕ እንተድኣ ተኻኢሉ፡ ንምንታይ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ዋላ በቲ ትሑት ደረጃ ኽስራሕ ዘይከኣል። እቲ መልሲ ክኸውን ዝኽእል፡ ናይ ኣሜሪካ ረብሓን ድሌትን ብሙሉኡ ስለዘይተሓለወ እዩ። መንግስቲ ኣመሪካ፡ ኣብ ኤርትራ ጥዑይ ምሕደራ ይሃሉ ኣይሃሉ ስጋብ ኽንድዚ ዝሻቀለሉ ጉዳይ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ እንተደኣ ተመልኪትና፡ መንግስቲ ኣሜሪካ ጥዑይ ምሕደራ ኣብ ኤርትራ ክህሉ ኣይምነን እዩ። ምኽንያቱ፡ ጥዑይ ምሕደራ ማለት፡ ድልየትን ረብሓን ህዝብኻ ምምላእ ከምዝኾነ ስለዝፈልጥ። ጉሒላትታትን ዓመጽትን ዝመልእዎ ምሕደራ እንተድኣ ኾይኑ ግን፡ ነቲ ዝደለኻዮ ረብሓታት ብቀሊሉ ኽማላእ ስለዝኽእል። ስለዚ እቲ ጸገም ናይ ዲሞክራሲ፡ ጽቡቅ ምሕደራ ከምዘይኾነ ክበርህ ኣለዎ። ሓደ ሓደ ሰባት ነዚ ናይ ዓብለልትን ገፋዕትን ኣረኣእያ፡ ኸም ጽቡቅ ተበግሶ ገይሮም ዝወስድዎ ኣለዉ። ንህዝቢ ኤርትራ ዘርብሕ ዘበለ ኣመጻጽኡ ብዘየገድስ ሓንጎፋይ ኢልና ኽንቅበሎ ባህርያዊ እዩ። እዚ ዝጥነስ ዘሎ ስጉምቲ ግን፡ በየናይ ሸነኹ እዩ ኽድገፍ። ነታ ኤርትራ እትበሃል ሃገር እምበር ንኻልእ ፍሉይ ነገር ኣይበለን። ስለዚ ብኸመይ መንገዲ ይረአ ስለዘሎ እዩ፡ ጠቃምነትን ረብሓን ኣለዎ ዝበሃል ዘሎ። እንተድኣ እዚ ስጉምቲ እዚ ምናልባት ነቲ ዘሎ መንግስቲ የራኻኽበሉ ይኸውን ዝብል እምንቶ ኣሎ ኾይኑ፡ ግጉይ መረዳእታ እዩ። ኸምዚ ዓይነት ኣጠማምታ፡ ልክዕ ኸምዚ ሓደ ተመሃራይ፡ ብምኽንያት ናቱ መምህር ምጽላእ፡ ነቲ ቤት ትምህርቲ ኽዕጾ ምምናይ እዩ። እቲ ቤት ትምህርቲ እንተደኣ ተዓጽዩ፡ ንሱ ምስኣ ኸምዝዕጾ ዝዘንገዐ ይመስል። እቲ ልዕሊ ኹሉ ዘሕዝን ድማ ንድንቑርና ስጋብ ኽንደይ ኸምዝምንያ የረደኣካ። ሒጂ እዚ ሰብ እዚ ኣድላይነት ትምህርትን ፍልጠትን ሌፍ እንተበለ፡ ዝሰምየዶ ይረክብ? ፍጹም ኣይረክብን።

እዞም ሰባት እዚኣቶም ድማ፡ ኤርትራ ሃገሮም ኽትጉዳእ እንዳተመነዩ ኸለዉ፡ ብዛዕባ ንሳቶም ዘይፈልጥዎን ዘይርድእዎን ዲሞክራሲን ጽቡቕ ምምሕዳርን፡ ሌፍ እንተበሉ መን እዩ ዝሰምዖም። ዝኣረገ ሓሳባትን፡ ዝኣረገ ሰብን ዘምጽኦ ለውጢ ዝማህመነ ስለዝኾነ፡ ብዙሕ ኣገዳስነት ኣይወሃቦን።

ዲሞክራሲን ጽቡቕ ምሕደራን ኣብ ኤርትራ ኣገዳሲ እዩ። ኹልና ድማ ነዚ ቅዱስ ዕላማ ኽይሰልክከና ኽንቃለሰሉ መሰልናን ጉቡእናን እዩ። እዚ ቃልሲ እዚ ግን፡ ፈጺሙ ብዋጋ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ክኸውን የብሉን።

ወጻኢ ሜላ ናይ ኣሜሪካ ዳርጋ ኣብ መብዛሕትኡ ግዜ፡ ኣብ ዕብለላን፡ ግብትናን ትምክሕትን ዝተሰረተ እዩ ክበሃል ይከኣል። እዚ ዘይቅየር ኣረዳድኣን ሜላን ናይ ኣሜሪካ እዩ። ኣሜሪካ ሓያልን ዘትሰዓርን ኾይና ኽትጸንሕ እንተድኣ ኾይና፡ ረብሓኣን ድልየታን ኣብ ዓለም ብናዓኣ ዝጥዕም መንገዲ ኽትግበር ኣለዎ። እዚ ናይ ሓይሊ ዕንደራዚ ድማ፡ ኣብ ቑጠባውን፡ ፖለቲካውን፡ ወተሃደራውን ዘድሃበ እዩ። ነዚ ዕንደራዚ ብትሕዝቶኡ ኾነ ብኣተጋባብራኡ ዝልውጥ ሓሳባት፡ ወይ ኸም

ተቃውሞ ዝኣመሰለ ዘመልክት ኣካል ድማ፡ ይንጸግን፡ ይውገድን። ኸም ዓንቃጺ ናይ ዲሞክራሲን፡ ጽቡቕ ምሕደራን ይረኣን ይውሰድን።

ትርጉምን መግለጽን ግብረሽበራ እንታይ ማለት እዩ?። በዚ ሕጂ እርእዮን ዘለና እንተድኣ ኾይኑ እቲ ናይ ብሓቂ ትርጉሙ ዳርጋ ሃሲሱ እዩ ክበሃል ይከኣል። ትርጉሙ ካብ ጠፍአ ድማ፡ እቲ ዝህቦ ውጽኢት እውን ብእኡ መጥን ጠፊኡ እዩ ክበሃል ዝከኣል። እምበኣር ትርጉም ናይ ግብረሽበራ ምስ ኣመሪካን ገሊኣን ምዕራባውያን ሃገራት ዝተተሓዘ ኾይኑ ይርከብ። ናይዚኣተን ፖሊስን ባህርን ኣብ ዓለም ዝተቃወመ፡ ኣብቲ ንሳተን ዝመስረታኦ መዝገብ ናይ ግብረሽበራ ይኣቱን ይምዝገብን። ስለዚ ኣንጻር ረብሓ ኣሜሪካ ምቛድ ማለት፡ ግብረሽበራ ምክያድን ምድጋፍን ማለት እዩ። ንኣብነት እንተደኣ ወስድና፡ ሓደ ኻብቶም ብግሁድ ኣብ ዓለም ዝጭፍጨፉ ዘለዉ፡ ህዝቢ ፍልስጤም እዮም። ይኹንበር፡ ከም ተግበርትን ሃንደስትን ናይ ግብረሽበራ ተባሂሎም ይጽውዑ ኣለዉ። ዓለም ከኣ ኣብ ክንዲ ነዚ ግዕዙይ ተርእዮ ትቅይር፡ ንዕኡ ተሰኪማ ትኸይድ ኣላ። እምበኣርከስ እዛ ሕጂ ዘለናያ ዓለም፡ ንመሰልካን ረብሓኻን ምቅላስ፡ ኸም ግብረሽበራ ከምዝኾነ ንኸተእምነና ለይትን መዓልትን ትቃለስ ኣላ። ህዝቢ ዓለም ድማ፡ ኣብ ክንዲ ብሓባር ኾይኑ፡ ነዚ ግጉይ ተርእዮ ወጊድ ትብሎ። ብምኽንያት ከቢድ ዕብለላን፡ ፍርሕን፡ ውሽጣዊ ሃገረዊ ሽግራታትን፡ ውልቃውን ሃገራውን ረብሓታትን፡ ኻልእን ዳርጋ ምስኡ ሰጢማ ትርከብ ኣላ። ሕቡራት ሃገራት ዓለም ከኣ ናይዚ ጽቡቕ ኣብነት እዩ ክበሃል ይከኣል።

ሃገር ኣብ ውሽጢ ዓለም። ኤርትራ ኸም ሃገር መጠን ኣብቲ ዘሎ ዓለማዊ ኩነታት ኽትዋሳእ መሰላን ግደተኣን እዩ። ሓንቲ ሃገር ትዕበ ትንኣናስ፡ ትሃብትም ትድከ፡ ዘለዋ መሰል ማዕረ እዩ። ኤርትራ ኣብዚ መሰል እዚ ተደሪኻ ኣብርክቶኣ ንዓለም ክትህብ ድማ ግቡእን ቅኑዕን እዩ።

እዚ ሕጂ ዘለናዮ ዓለማዊ ኩነታት ግን፡ ነቲ ዘለካ መሰል ኸም ህያብ ዝቁጸረሉ ግዜ ኣዩ። ጽቡቕ ጠባያት እንተድኣ ኣርኣኻ ትሕዞ፡ ሕማቅ ጠባያት እንተድኣ ኣርኣኻ ድማ ብቅጽበት ትሕደግ። ስለዚ እዚ ዓመታዊ ምስክር ወረቀት ዝወሃበካ መታን ኽይበላሾ፡ ኻብቲ ዝተባህለካ ሕንጻጽ ኽይወጻእካ ኽትዋሳእ ኣለካ።

ኣብ ዓለም ኸም ህዝብን መንግስትን ኽትዋሳእ ዳርጋ ውሱናት ነገራት ኽህልዋኻ ኣለወን። ንሳተን ከኣ፡ ሃብቲ (ቑጠባ)፡ ኣጽዋር፡ ብዝሒ ህዝቢ ፡ ምናልባትውን

ሽግራ ናይ መልሓስ ትሕግዝ ቶኸውን። ኻብዚኣተን ሓንቲ ወይ ኽልተ ዘይውንን ዳርጋ ዕድሉ ናይ ምውሳእ ጸቢብ እዩ ዝኸውን። ብኡኡ ምኽንያት እዩ ድማ፣ እተን ሓያላት ሃገራት ንሕና ዝበልናካ ግበር፣ እንተዘይሎ ወይልኻ ዝብሻኻ። እቲ ዘለወን ሓይሊ ተጠቒመን፣ ነቲ ከባቢኻ ጥራይ ዘይኾነስ፣ ዋላ እውን ነቲ ናትካ ውሽጣዊ ኹነታት ብናታተን መገዲ ይዝውርኦ። እቲ ዘለወን ሓይሊ፣ ሃብቲ ኣጽዋር ነቲ ዝደልያኦ ነገራት ኽተግብራ ዕድል ይህበን። ንኣብነት ኣዚ ኣብ ሃገር ሶማሊያ ዘሎ ኹነታት፣ ኻብ ንኣመሪካ፣ ንኤርትራ ይቀርባ። ኤርትራ ኣብ ሃገር ሶማል ኽትዋሳእ የምሕረላን የመልክዓላን ( ኣድላይ እንተድኣ ኾይኑ ማለት እዩ)፣ ካበ ኣሜርካ ካብ ስግር ባሕሪ መጽያ እትዋሳእ። ኽምዝተባህለ፣ እቲ ወሳኒ መሰል ወይ ቅርበት ዘይኮነስ፣ እንታደኣ ሓይሊ እዩ እቲ ወሳኒ። እምበር እቲ ኣብ ሃገር ሶማሊያ ዝግበር ዘሎ ተግባራት እንተድኣ ኣዛሚድካ ኽርአ ኾይኑ፣ ብመንግስቲ ኢትዮጲያ ዝግበር ዘሎ ጉድለታት ይበዝሕ፣ ካብ ብኤርትራ ዝግበር ዘሎ ናይ ምትእትታው ጉድለታት። ግን እቲ ናይ መእተዊ ወረቀት ናብ ሃገር ሶማሊያ ብኣሜሪካ ስለዝወሃብ፣ እሞ እቲ ወረቀት ድማ ንኢትዮጲያ ስለዝተዋህበ፣ እታ ግግይቲ ሃገር ኤርትራ ኾይና ተረኺባ። ዓለም ድማ ኣብ ክንዲ እቲ ብመንግስቲ ኢትዮጲያ ኣብ ልዕሊ ሶማላውያን ዝወርድ ዘሎ ግፍዒ ዝዛረብ፣ በቲ ብኤርትራ ዝግበር ዘሎ ምድንዳን ኽስከፎን ኽውርየሉን መሪጹ። ኣብ ዓዲ ሃገር ኣትያ ዘላ ኢትዮጲያ፣ ትገፍዕን ተባሳብስን ዘላ ኢትዮጲያ፣ እቲ ዘይተኣደነ ዘለፋን፣ ኣሉታዊ ፕሮፖጋንዳን ድማ ንኤርትራ። እዚ ድማ ውጹእ ኣብነት ናይ ሓያላት ሃገራት ድርብ መለኪዒታት (DOUBLE STANDARD) ይብሃል።
ምስ እዚ ዝኸይድ እንተድኣ ሃልዩ ድማ፣ ኤርትራ እውን እንተድኣ ኣብቲ ኽባቢ ኣበርክቶይ ዕዙዝ ክኸውን ኣለዎ ትብል ኾይና። መጢናን ለኪዓን ኣብቲ ቦታኡ ኽተውርዶ ይግባእ። ደሓር ከኣ ልክዕ ኽምቲ ኻብ ንኣሜሪካ ንኤርትራ ይቀርባ ዝተባህለ፣ ኣብዚውን እቲ ጉዳይ ሶማሊያ፣ ንጂቡቲ ይቀርባ ኻብ ንኤርትራ። እዚውን ሓደ ኻብቲ ኽስተባህለሉ ዝግባእ ኣዩ። ደሓር ከኣ ኹነታትና ኣብ ግምት ኣእቲኻ፣ ናይ ሶማሊያ ጉዳይ ስጋብ ኽንደይ እዩ ንዓና ኣገዳስነቱ። ማለት በዚ እንዋሰኦ ዘለና መጠን ተራእዩ ማለተይ እዩ። ደሓር ከኣ እቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ሶማሊያ ተፈጢሩ ዘሎን፣ እዚ ሕጂ ኣብ ወጻኢ ኾይኑ ዝንቀሳቀስ ዘሎን፣ እቲ ቀንዲ ፍልልያቶም እንታይ እዩ? ኣነ ብዝመስለኒ ዋላሓደ። እንታይደኣ ናይ መንግስቲ ኣሜሪካ ዘምጽኦ ብህራረ እዩ። ንሱ ኸኣ ግብረሽበራ ኣብዝብል ቃል እዩ። ስለዚ ብኹሉ ሸነኻቱ ተራእዩ፣ ናይ ኤርትራ ኣብ ሶማልያ ብኸምዚ መልክዕ ምትእትታው ብዙሕ ኣዕጋቢ እዩ ክበሃል ኣይከኣልን። እታ ሓንቲ  ክትበሃል እትከኣል፣ ማለት ረብሓ ኣለዋ ኢልካ ኽትዛረበላ እትኽእል፣ ንዓኻ ዝመስል ኣካል ናይ መንግስቲ ኽተቅውም ትኽእል ኢኻ። እዚ ግን ከም ናህናን ሶማሊያን ካልእን ሳልሳይ ዓለም ሃገራት፣ ስጋብ ኽንድዚ ትርጉም ዘለዎ እይኾነን። ምኽንያቱ ሎሚ ዝተመስረተ መንግስቲ ጽባሕ ኽፈርስ ይኽእል፣ ኽምኡውን ብቀሊሉ ብድልየትን ረብሓን ኻልኦት ኽዝወር ይኽእል። ምትሕግጋዝን ምትሕልላያን ኣብ መንጎ እዘን ሃገራት ጸገማት ይፈጥር ማለት ዘይኮነስ፣ ቅድሚ ናትካ ጥቅምን ረብሓን ኽስራዕ የብሉን። እንተድኣ ሶማላውያን ምሕጋዝ፣ ኣብ ዓለም ግዚያዊ ጸገም ዝፈጥረልና ኾይኑ፣ ግዜ ወሲድና፣ ሃዲእና ኽነርክበሉ ንኽእል። ንሕና ንሶማላውያን እንተድኣ ናይ ግድን ኽንሕግዞም ኾይና፣ ንህዝብን መንግስትን ብዘይርበሸሉን፣ መጻብቦ ኣብ ዘይኣትወሉን ክኸውን ኣለዎ። እንተድኣ እዘን ኹለን ሃገራት ኣዕራብን፣ ኣፍሪቃን ኻልእን ኣማዕድየን ዝጥምታ ኾይነን፣ ንሕና ኣብ ቅድመ ግንባር ንስራዓሉ እንታይ ዘጻድፍ ምኽንያት ስለዘሎ እዩ?። እዘን ኻልእን ኣብ ግምት ኣትዩ፣ ንዘተ ኣብ

መንጎ ህዝቢ ኤርትራ ዝዕደመሉ ዘሎ ኹነታት ኾይኑ ይስምዓኒ። ማለት ንሕና ኤርትራውያን፣ ብዛዕባ ጥቅሙን ጉድኣቱን ብሰፊሑ ኽንመያየጥሉ ኣገዳሲ እዩ። ንኤርትራውያን ዝኾነ ይኹን ናይ ወጻኢ ሓይሊ ከዓሽዎን ከንበርክኾን ኣይኽእልን እዩ። እታ እንኮ ሓይሊ ኤርትራውያን፣ ውሽጣዊ ሓድነትን ስኒትን እያ። እዚ ማለት ኹሉ ኣብ ሓደ ውድብ ወይ ግንባር ይሰለፍ ዘይኮነስ። እንታይደኣ ንሱ ኣብ ዝኣምነሉ ውድብ ተሰሊፉ፣ ንኤርትራ ቀዳምነት ዝህብ ማለት እዩ። እዚዩ እቲ ዝድለ ሓድነት። ንኤርትራ ዘጥቅዕ ሓይሊ ኣብ ቅድመኻ ጠጠው ኢሉ ኸሎ፣ ምናልባት ኽምገለ ነቲ መንግስቲ ይጸርገለይ ይኸውን ኢልካ፣ ብጎቦ ዓይንኻ ምጥማት፣ ንሓድነትናን ስኒትናን፣ ዘላሕልሕ እምበር፣ ዘደልድል ኣይኮነን። እዚ ሕጂ ነስተባህለሉ ዘለና ኹነታት ድማ ነዚ እዩ ዝመስል። ኣብ ክንዲ ኣብ ትሕቲ መንግስትን ህዝብን ጠጠው ምባል። ነቲ ጉዕዙይ ተግባራት ናይ ወጻኢ ሓይሊ ምውዳስን ምስሳይን ኾይኑ ይርከብ ኣሎ። ነቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ጌጋታት ዳርጋ ይውሰኾ ኣሎ ኣምበር ኣይንከዮን ኣሎ። ፍልልያትና ኣብቲ ዘሎ ሓድነትና ኽንጸር ኣለዎ። ፍልልያትና እንተድኣ ክኽበርን ክሕሎን ኾይኑ፣  ኣብ ሃገር ዘለና ሓድነትን ኣረኣእያን ክኸበርን ኽድልድልን ኣለዎ። ኣብ ነናሓድሕና ዘሎ ናይ ዘይምክእኣል እውን ብመጠኑ ኽንኪ ኣለዎ። እንተድኣ ንዝኾነ ናይ መንግስታዊ ኣዎንታዊ ሽኻት ጎሲኻ ምሕላፍ፣ ኽም ቅኑዕ ኣገባብ ናይ ቃልሲ ተወሲዱ፣ ናብ እቲ እንደልዮ ምዕባለ ኸብጽሓና ኣይኽእልን። ብኣንጻሩ እውን፣ እንተደኣ ነቲ ጌጋ ወይ ኣሉታዊ ሽነኽ ናይቲ መንግስቲ ኣብ ክንዲ ምንቃፉ፣ ኸመይ ጌርካ ኣብኡ ኽም እትሰርጽ ኾይኑ እቲ ዕላማ። እዚውን ናብቲ እንደልዮ ዕላማ ፈጺሙ ኸብጸሓና ኣይኽእልን እዩ። ሃገር እንተድኣ ኽትሃንጽ ኾንካ ንኽልቲኡ ሽኻት ብግቡእ ኣቅሪብካ፣ ማለት ኣዎንታውን ኣሉታውን ሽነካት መዚንካ ብምቅራብ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ተቃዋሚ ንኽትበሃል፣ ኣሉታዊ ሽኻት ብምዝራብካ ጥራይ ኣይኮነን፣ ወይ ኣዎንታዊ ነጥብታት ስለዘልዓልካ፣ ተቃውምነትካ ሃሲሱ ማለት ኣይኮነን። ኽምኡ እውን ደጋፊ መንግስቲ ኾንካ፣  ኣሉታዊ ነጥብታት ስለ ዘልዓልካ፣ ደጋፍነትካ ይሕኸኽ ማለት ኣይኮነን። ድልየት ህዝቢ ኸኣ ንሱ እዩ። ህዝባዊ ተሳትፎ እንተድኣ ኽሕይልን ኽምዕብልን ኾይኑ፣ ዝያዳ ሓበረታ ብዛዕባ ሃገሩን፣ ህሉው ኩነታትን ክወሃቦ ይግባእ። ሓበረታ፣ ሓይሊ ስለዝኾነ፣ ህዝቢ ድማ በቲ ዝተዋህቦ ሓበረታ ገይሩ ይምዕብል። እቲ ዝወሃብ ሓበረታ ቀጻልነት ክህልዎ ኣለዎ። ሓንሳብ ምስ ተዋህበ፣ ብኡ ኣቢሉ ክሃስስ የብሉን። ወይ እቲ ሓበረታ ስለ እተገደድካ ወይ ናይ ወጻኢ ውድባት ስለዝሓተታ ክኸውን የብሉን። እንታይ ደኣ ንህዝቢ ስለዘድልዮን፣ እቲ ሓበረታ ምርካብ ድማ መሰሉ ስለዝኾነን። ንኣብነት ኣብዚ ቀረባ እዋን ብሃገረ ፕረሲደንት፣ ሰፊሕ ቃለ መሕተት ተኻይዱ። ብጣዕሚ ድማ ጽቡቅ ነይሩ። ግን ከኣ ኣብኡ ጠጠው ኽብል ኣይነበሮን ወይ የብሉን። ማዕከናት ዜና ኤርትራ፣ ነዚ ኹነታት ብቀረባ ዝፈልጡን ዝከታተሉን፣ እንዳዓደሙ ኽስፍሕዎን ኽማዕብልዎን ይግባእ። እቲ እተዋህበ ሓበረታኮ ምሉእዩ ማለት ኣይኮነን። ህዝቢ እውን እኮ ናቱ ሓበረታን ዝፈልጦን ኣለዎ። እቲ ህዝቢ እውን እኮ ብናቱ ምሁራትን ኺኢላትትን ገይሩ እንተተዛሪቡ እዩ ምሉእ ሓበረታ ዝኸውን። ቀጻሊ ሓበረታ፣ ቀጻሊ ኽትዕ፣ ቀጻሊ ሓይሊ ይፈጥር።

ስጉምቲ መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኦክላንድ ብዝኾነ መልክዒ ምኽኑይ ኣይኮነን። እቲ ተግባራት ድማ ክኹነን ዘለዎ እዩ። ቆንስል ኦክላንድ፣ ብሕግን ብሰላማዊ መንገድን ንህዝቡ ኣበርክቶን ሓበረታን ዝህብ ዘሎ እዩ። ኣብ ዝኾነ ይኹን ኣብ ዘይሕጋዊ ተግባራት ወይ ናይ ኻልእ

ተጻብኦታት ዘይተጸምደ ቆንስል እዩ። ነዚ ኸምዚ ዓይነት ምጽባእ ምስ ምንታይ ይቁጸር። ኸምዚ ዓይነት ስጉምቲ ምውሳድከ ንረብሓ መን እዩ። መንግስቲ ናይ ኣሜሪካ ካብዚ ግጉይ ስጉምቲ ዝረብሓሉ ነገር የለን። ውጽኢቱ ድማ ባዶሸዩ። እቲ ዝተጀመረ ስራሕ፣ ብዝሓየልለን ብዝጸፈፈን መንገዲ ኸም ዝቕጽል ናይ ኩሉ ደላይ ሰላም እምነት እዩ።

ኤርትራውያን እምነትና ኾነ ፍልልያትና ብዘየግድስ፣ ንረብሓ ሃገርናን ህዝብናን ዝትንክፍን ዝጎድእን ኽመጽእ ኸሎ፣ ናይ ሓቢርካ ምቕላስ ባህሊ ስለዘሎና፣ ሕጂ እውን ኸም ቀደም ሓቢርና ኸም እንብድሆ ጥርጥር የልቦን።
ህዝብን መንግስትን እውን፣ ናይ ገዛእ ርእሱ ገምጋም ዝገብረሉ ግዚያት ኸም ዝበጽሔ፣ ዝተፈላለዩ ነገራት ይሕብሩ ኸም ዘለዉ ኣጸቢቕና ንርዳእ።

ግዜ ይንዋሕ ይሕጸር፣ ምዕብልትን፣ ሓያልን፣ ዘይትድፈርን ኤርትራ ኣብ ከባብን ዓለምን ኸም እትፍጠር ዘይከሓድ ሓቒ እዩ። ነዚ ኸም ጽቡቕ ኣብነት ክትኾነና እንተድኣ ደሊና ድማ ኣብ ጥቃና ዘላ እስራኤል ኽንጠቅስ ንኽእል። ስለዚ ኣብ ጥቃ ጎቦ ኣይንጽጋዕን፣ ጎቦ ባዕልና ስለ እኻኽውን።

በዚ ኣጋጣሚ እዚ፣ ነቲ ኽይሰልከየ፣ ብትሑትን ዓቃልን መንገዲ፣ ናይ ምዕራባዊ ሽንኽ ዞባ ኣሜሪካ ዘገልገለ ክቡር ኣቶ ኣሕመድ ኢማም ምስጋና ይብጻሓዮ። ኣብ ዝኸዶ ናይ ስራሕ ቦታ ድማ ዓወትን ኣሳልጦን ይምነየሉ። ኣብቲ ዝመጽእ ስርሑ ንህዝቡን ሃገሩን፣ ብዝለዓለን፣ ዝበለጸን ደረጃ ኸም ዘገልግል ድማ እምነተይ እዩ።

ኪዳነ ሃብተስላሴ፣ መስከረም 2007